# አውሎዶ ክብለልኺ
# አንቲ ወርሒ ግንቦት
# ቅድሚ ወርሒ ሰነ

23 ግንቦት 2007 ብሰሎሙን ሚካኤል

ኣውሎ ድአ ወርሒ ግንቦት ቅድሚ ሰነ
ፍረ መሪር ቃልሲ አሕፋሲት ምህርቲ
ዕለት 24 ግንቦት ነባሪት ሓወልቲ
ህያብ ናይ ስዉኣት ናጽነትና ክብርቲ
ኣብ ገጠር ኣብ ከተማ ዘነስነሰት ሰቲ።

ኣውሎ ድአ ወርሒ ግንቦት ቅድሚ ሰነ
ሕጂ ትዝ ኢሉኒ ሽዑ ዝነበረ
ዕለተ ናጽነት ኩሉ ተበሰረ
ኤርትራዊ ዜጋ ዘለለ ነጠረ
ባህጊ ናይ ልቡ ስለ ዝሰመረ።

ኣውሎ ድአ ወርሒ ግንቦት ቅድሚ ሰነ
አብየት እወ ጓይላ አብየት ትሓንበለ
ብጭራ ዋጣ ክራር ኩሉ እሽም በለ
ሕቡእ እምብልታ ምስ መለኸት ቅልቅል በለ።

ኣውሎ ድአ ወርሒ ግንቦት ቅድሚ ሰነ
ንድሕሪት ተመሊሰ ክሓተኪ እንሆ ወሲነ
ወዮ ኩዳ እሰኽስታ ተሸፊኑ ድነ
ኤርትራዊ ዜጋ ዳግማይ ድአ ደነነ
እንታይ ድአ ኼንኪ ትሽፍንና ድነ
ምልኪ ክኸውን ውጽኢቱ ገሪሙኒ አነ።

ኣውሎ ድአ ወርሒ ግንቦት ቅድሚ ሰነ
ተዓዛቢት አይትኾኑኒ ግንቦት ቅድሚ ሰነ
ብስራትኪ አስምዕና ሎሚ ቅነ
መን እሞ አሎ ኢዩ ብህግደፍ ዘይሓዘነ
ንየዋህ ዜጋና እባ ኩንዮ ምስሌነ
ኩሉ ተደኒሱ አርጊጾኽና ብወዲንታት ሰብ ሕነ።

ኣውሎ ድአ ወርሒ ግንቦት ቅድሚ ሰነ
አውሎ ዝብለልኪ ዘሎኹ ንህሉው መዚነ
ኤርትራዊ ዜጋኺ ብህግደፍ ተሓቑነ
ሐዲሽ ትውልድኺ ንስደት ተበተነ
ሓደ እኺ የለን ሎሚ ዝቐሰነ
ብዉሑዳት ጉጅለ ኤርትራዊ ትሃድነ።

ኣውሎ ድአ ወርሒ ግንቦት ቅድሚ ሰነ
አብ ክንዲ እትጥጥዕ ናጽነት ብሓርነት
ዘይተጸበናዮ መጺኡና ሓዲሽ ጊላነት
ጉድ እምበር ወሊዳ ናይ ግንቦት ናጽነት
ብገርሁ ህዝብና አትዩ ኣብ ምልኽነት
ዝነብዕ እምበር ዝስሕቐስ ኼይኑ ዘበት።

ኣውሎ ድአ ወርሒ ግንቦት ቅድሚ ሰነ
እወ አውሎ ወርሒ ግንቦት ውሕስነት ኤርትራ
መግዛእቲ አቀንጢጥኪ ሰቃሊት ባንዴራ
ንስኪ ሕላገትና ብስራት ናይ ስድራ
ድሕሪ መሪር ቃልሲ ዘውጻኽና ሓራ
ሓርነት አልብስና ደርቢኺ ምልካዊ ሽጣራ።

አውሎ ክብለልኪ በልኒ ሰዶ ሰዶ
ወርሒ ግንቦት ኢኺ ከፋቲት ዕጹው ማዕጾ
ከመይ ይገብሩኪ አለዉ ማዮም ውስኪ ጾዶ
ብንብዓት ክጠልቕዩኺ ንዓለም ኼይኑ ጋዶ
አሰር ሃጸይ ሃይለስላሴ መንግስቱ አርግጽዮም እንዶ
ተዓዛቢት አይትኹኒ ንህዝቢ እናገበርዎ ህንኩቶ

ኣውሎ ድአ ወርሒ ግንቦት ቅድሚ ሰነ
ዮሃና ክንብለኪ ደጊምና ደጋጊምና
ናጽነትስ አበሲርኽና ኢኺ ሓርነት ድገምና
ከም ደርሆ ተነጽዩ መንእሰይ ሃገርና
ብአስገዳድ አትዩ ኣብ ዘበናዊ ዕስክርና
ኵላተን አዴታት እየን ብጓኒ ዝሕቆና
ቍጽሪ የብለንን አዴታት ብህግደፍ ጸሊም እተከድና።

አውሎ ድአ አውሎ ሓሶቶም ዶሮና
ድሕሬና ሳዕሪ አይትብቆል ዝብሉ ከም አድጊ ገደና
ወዳጄ ሓሶት ወዳጄ ድሑር ፍልስፍና
ብሓደ ዝኾብኮቡ ከም አብዑር ከም መጽዓኛ
እዚአቶም ምውላዳ ኤርትራ ቆሪራ ሓዚና
ግንቦት አሔድስዮ ኒሕ ንያት ዜጋና
ከምታ ቦኽሪ ዕለት ናጽነት ብሓርነት ክንስዕስዕ ኣብ ቅርዓትና።

አውሎ ድአ አውሎ ብልምዲ ሃገርና በቲ ዝነበረ
አንቱም ሎሚ ንህዝቢ እትገፍዑ ጉጅለ
ግንቦት ትብለኹም አላ ከዳዕ ታእለ
ደም ዘጉሳዕኹም ንህዝቢ ሐንጊሩ ዝዓንገለ
ከቢሩ አይፈልጥን ንጹሓት ዘተጋ ዝበደለ
ነበርቲ አይምሰልኹም መን ከም ዝነበረ

አውሎ ድአ አውሎ ብልምዲ ሃገርና በቲ ዝነበረ
አልግሱ ድአ እናጥዓመኹም ዔረ
እኹባት ዑቡዳት እኽብካብ ገለ መለ
ኣብ ዓለምና የለን ኮሪዑ ዝነብር ሰብ ዘሕረረ
ትጽበየኹም አላ እታ ዘይትስገር ዕለት ብዝለዓለ።

አውሎ ድአ አውሎ ብልምዲ ሃገርና በቲ ዝነበረ
ንሓመድ ድበ ህግደፍ ግንቦት መኺቲ
ዝገደዱ ኢዮም ካብ ገዛእቲ ባዕዲ
ፍቕሪ ህዝቢ ዘይብሎም እንትርፎ ፍቕሪ ሰልዲ
አንቲ ግንቦት ለዋህ አንዊሕኪ ጠመትቲ
ፈቲሽኪ ሃብና እቲ ናህና ሓቀኛ ፍርዲ
እተዛናበለ ስድራቤት ገገዝኡ ክአት።

አውሎ በሊ ግንቦተይ ሕጅስ ሕዘንልና
ድሃይ ግበርልና ወርሒ ግንቦት ሕጅስ ይኣኽለና
ሓሕ ኢልኺ ሱጎጉልና ንህግደፍ ደመኛ
ከምታ ቦኽሪ ዕለት ብናጽነት ክንሶስዕ ቀሲንና
ሰላምን ርሓትን ደብስዮ ንጭቑን ህዝብና
ንምሉእ ህዝቢ ኤርትራ ንሽኺ 24 ግንቦት ኢኺ ዋሕስና
ብናጽነት ብሓርነት ከነስተማቕራ ሃገርና

ዘለዓለማዊ ክብርን ዝኽርን ንስዉአትና